መድረኽ

ሕታም 1 ቁ 1፤ 2011

# ድሕሪ ሞት ፡ ጥዕና ቅበጽ

ብተስፋልደት ባህልቢ

20 ታሕሳስ 2011 ዓመተ ምሕረት

*መተሓሳሰቢ*፡ (Disclaimer)

እዚ ጽሑፍ እዚ፤
1) ነቲ ብሓልዮት ናይ መንግስቲ ኢትዩጵያ ትኳቦ፡ እንዳ ተመንገገ ዝኸይድ ዘሎ፡ ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ማሕበራት፡ ምዑታት ደገፍቱን ሰዓብቱን ዜጋታት፡ ከም ዘለውዎ ኣብ ግምት ዘሕደረ እዩ። ብፍላይ እኳ ደኣ፡ እቶም ኣብ ወፍሪ ጉባኤ ኣዋሳ፡ ዝተሸናከሩ(entangled) ዘበሉ ኩሎም ሰብ ዉዕለት ብሕልፊ።

2) በቲ ካልእ ሰግር ማዕዶ ድማ፤ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ-ጥቅምቲ፡ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ፡ ግዳይ (victim) ናይ ኢትዮጵያ ኣረሚን ተጻብኦታት፡ ካብ ምኻን ቀሲና ከም ዘይ ሓደረት፡ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

3) ከምኡ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ዘመሓድር ዘሎ ስርዓተ መንግስቲ፡ ነቲ ባዕሉ ኣሚሙ፤ ኣብ ህዝቢ ኣውሪዱ፤ ዘመረኞ ቅዋም ናይ ህዝቢ፡ ንኽይትግበር መታን፡ ዝገብሮ ዘሎ ምስምሳት፡ ተቐባልነት ስለ ዝጎድሎ፡ ፍትሓዊ ጠለባት ንስለ ዲሞክራሲ፤ ንስለ መሰላት ደቂ ሰብ፤ ንስለ ማሕበራዊ ፍትሒ፤ ቀጻሊ ከም ምኻኑ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

4) ኣንቃዕሪርና ሰማይ እንተ ጠሚትና፡ ደኒና ምድሪ እንተ ሰገድና ድማ፡ እቲ እንርእዮ ስእሊ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ካብ ናይ ባዕዳውያን ግዝኣቲ፡ ዝነበረትሉ እዋን፡ ብዕጽፍታት መዓቀኒታት ክግምገም እንከሎ ግን፡ <u>ብተዘማድነት</u> ፡ ኣጸቢቓ ዝበለጸት ኮይና ከም ዘላ፡ ሰብ ሕሱም እኳ እንተ ከሓደ፡ መዛግብ ታሪኽ ግን፡ ዘይ ክሕዶ ሓቂ ከም ዝኾነ፡ ኣብ ግምት ዘሕደረ እዩ።

5) ንሱ ክነሱ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ግን፡ ብናይ ኢትዮጵያ "ስግድ ጉምብሕ" ዝሸሓሩ (massage) ሓያላት መንግስታት፡ ኤርትራ ንኽይትስስን መታን፡ ከም ኣመሎም ግልብልብ ስለ ዝብሎም፡ ንልእላውነታ ዝፈታትን ብድሆታት፡ ልቦምን ቀልቦምን ቀቢሮም፡ ዘሰላስልዎ ዘለው ዘይ ርትዓዊ ማዕቀባት፡ ንኹላህና ኤርትራውያን፡ ኣፍራሕን ሓደገኛን ከም ዝኾነ፡ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።

ስለዚ፤ ኣንቱም መሻርኽቲ ናይ ኢትጵያ፡ ኳንኩም ዘለኹም ኣሕዋት፡ ብሕላገት ናይ ኣዋሳ ሕዛብ (ሻርባ)፡ ዘምሕረልኩም ዘሎ፡ ከይ መስለኩም ደኣ እምበር፡ እዚ ወሲድኩሞ

*ዘሎኹም ቀራና መንገዲ፣ ዓዲ ዘየጋብር፣ ሰራም ጠንቂ ዘለዎ ነገር ከም ምዃኑ፣ ኣዝዩ ስለ ዝፍራሕ፣ ካብዚ መዋጥር  እዚ ንምርሓቕ፣ መርገጽ ንምንጻር ስለ ማለት፣ ደኣ እምበር፣ ቅርሕንቲ ንምፍሕታር ማለት ኣየስምዕን።*

<u>*ኩሉ ነገር፣ ድሕሪ ናይ ሃገር ድሕነት፣ ናይ እዚ ጽሑፍ እዚ ከርሲ እምነት እዩ።*</u>

*እዚ ኣርእስቲ እዚ፣ ዓቢ ዝኾነ ነባር ምስላ እዩ። ብዛዕባ ሞት ምዝራብ እንተ ደኣ ኮይኑ ከኣ፣ ሞት ማለት፣ ናይ መጨረሻ ምዕራፍ ናይ ሂወት፣ ከም ምዃኑ፣ ንርድኦ ኢና።  ፈቲና እንቕበሎ፣ ጸሊእና  ድማ እንውግዶ፣ ናይ ኣጋ ምሸት ጋሻ እውን ኣይ ኮነን። ሞት ሕሱም እዩ። ፍጻሜታት ኣመዋውታ ድማ፣  ከም ብቕዝፈት፤ ከም ብሕማም፤ ከም ብእርጋን ዓይነቱ ይፈላለ ደኣ እምበር፣ ኩሉስ ተካል ሞት ጥራይ እዩ። ኣይ ትሙቱኒ፤ ኣባይና እምቶ!!!!*

*ድሕሪ ሞት፣ ጥዕና ንቕብጽ።  ዝሞተ እንተ ሞተ ግን፣ መተካእታ ዘይ ብሉ ኣይ ኮነን።  ናይ መጻኢ ተስፋ ዋሕስ ከኣ፣ ካብዞም ናይ ዳሕረዎት ወለዶ፣ ዝፍልፍል ምዕቡል ዝኾነ ራእይ፣ ዝውለድ እዩ።*

*እዚ ሕጂ፣ ከውደኽድኽሉ ዘይ ኮንኩስ፣ ከርደኣሉ ደልየ ዘሎኹ ሞት ግን፣ እዚ ብናይ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ማሕበራት፣ ዝፍለጥ ተቓውሞ፣ ንሓያሎይ ዓመታት፣ ብሰንኪ ሕማም ናይ ስልጣነይ-ስልጣንካ፤ ማሕበረይ ማሕበርካ፤ ብሔረይ ብሔርካ፤ እምነተይ እምነትካ፤ ወገነይ ወገንካ፤ ንሶም ከበሳ ንሕና ቆላ ተቖማጢዑ፤ ዓገግ ክብል ድሕሪ ምጽንሑ፣ እንሆ ሎሚ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሕዳር፣ ናይ 2011 ዓመተ ምሕረት፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል  ናይ ኢትዮጵያ ኣብቂዑ  (rested) ። ድሕሪ እዚ፣ ካብዘን ብተግባር ተፈቲነን፣ ብውድቀት ናተን ዝልለያ ሽሔር ናይ ሶውራ ዝኾና፣ እዘን ነባራት ማሕበራት ዘበላ ኩለን፣ ኣብ ልዕላውነት ሃገረ ኤርትራን፣ ሓድነት ህዝባን ምሒለን፣ ራእይ ተቓውሞ ንስለ ማሕበራዊ ፍትሒ፣ ክመርሓ ስለ ዘይ በቕዓ፣ ኣብ ሰፊሕ ዛዕባታት  ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ወጥሪ ድማ፣ ድሕሪ ናይ ነዊሕ እዋን እግሽግሽ፣ "ብዘይ ሓደ ሙያ ብዘይ ሓደ ቁምነገር" ሞት፤ ሃፋ ሃህ ኣቢላ ተቐቢላተን ኣላ። ድሕሪ ሞት ከኣ ጥዕና የልቦን።*

*ኢትዮጵያ፤ ንስለ ፖለቲካዊ ረብሓ ናታ እንክትብል፣ ብዝለዓለ ደረጃ ብልሓት ናታ ተጠቒማ፣ ነተን ጀላሕቲ ሶውራ (revisionists)፣ ዝኾና ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ማሕበራት፣ ኣብ ምእረራ ረብሓታት፣ ናይ ትሕቲ ሃገራውነትን፣ ሓውሲ-ሃገራውነትን፣ ሃርገፍገፍ ዝብላ ዘለዋ፣ ሕርሕራይ ገቢራ ክትማዝወን (manipulate) ካብ ትጅምር፣ እዋን ሓሊፍዎ እዩ። ከምቲ ድቃስ ዱሙ መዘንግዐ ኣንጭዋ ዝበሃል፣ ሰለምለም እንዳ በለት፣ ነዘን ጀላሕቲ ሶውራ፣ ከም ሓላይት ናይ ኤርትራ ክትመስል እንዳ ቆዘመትለን፣ በቲ ሓደ ወገን፣ ጅማታት ኣከናውና ዘበሰብ (society) ኤርትራውነትና፣ ክትበናጥስ ሒኽ ኢንዳበለት እንከላ፣ በቲ ካልኣይ ወገን ከኣ፣ ነዛ ብኽንደይ ጸገም ዝረኸብናያ፣ ልእላውነት ሃገርና፣ ብዘይ ኩናት ከተፍርሰልና፣ ኣብ ደረጃ ኣህጉራዊ ጸፍሒ፣ መፈንጠራታት ኣዋዲዳ ክትሓንቃ፣ ዒሕ-ፍንጭሕ ትብለሉ፣ ኣብ ዘላ እዋን እዩ። እዚ ኩሉ ፈተነታት እንተ ዘይ ሰሊጡ ግን፣ ኣብ መጨረሽታ ሰዓት፣ መንግስቲ  ኤርትራን መንግስት ኢትዮጵያን፣ ንኽተዓረቓ ዝኽልክል ሓጹር  ከም ዘየልቦ ዘይ ሕሰብ ኣይ ኮነን።*

*ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ሙሑላት ናይ ሓድሕድ ጸላእቲ (archenemies) ከም ምዃነን፡ ሕብረተሰብ ዓለም ዝምስክርዎ ዘለው ሓቂ እዩ። እቲ ግር ዘብለካ፡ ጓህማም (toothless) እምነት ግን፡ እቲ ካብ ገለ ልሉያት ኤርትራውያን፡ ዝፍተን ዘሎ ሉጓን (gross) ናይ ፍልስፍና እዩ። ንሱ ከኣ፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ብናይ ሓባር ታሪኽ ዝተቖላለፉ፡ ናይ ሓደ ህዝቢ፡ ክልተ ሃገራት እየን፡ ዝዓይነቱ ዝብል እምነት እዩ። እዚ፡ ዘይ ርጉእ <u>ሕምሩግ</u> እምነት እዩ። ብዝኾነ መዓቀኒ፡ እንተ ሰፈርናዮ ከኣ፡ ካብ ክፉሎ ንታሕቲ፡ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ደቂ ሓንቲ ሽባኻ ኣህዛብ ስለ ዘይ ኴና፡ ንፍሉየትና ዝምለከት ዘበለ ከኣ "ብሕብሪ ናይ ዓይንና" <u>ኀጉሎም</u> ድሮ ዘለለዩና፡ እቶም ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ጳጳሳት፡ ዘመዝገብዎ ታሪኽ ስለ ዝኾነ፡ ኣይ ሕስኽን እዩ።*

*ብዛዕባ ናይ ስነ-ነገድ ኣምር ምምጓት፡ ናይ እዚ ጽሑፍ እዚ ተበግሶ፡ እንተ ዝነብር ነይሩ ግን፡ ካብቶም ሓየኽቲ ወረቓቕቲ፡ ዘቕርብዎ እሙር-ጥቡብ ዘይ ኮነስ፡ መን እዩ ካብ መን ንዝምለከት ግን፡ ኣብ ክቢ መጋርያ ናይ ምሽት ኴና፡ ብዘይ ላቢሽ ዝተመሃርናዮ ዛንታ ስለ ዘሎ፡ ብቑዕ ፍልጠት እዩ። መን ምስ መን እዩ፡ ካብ ኣህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሓውን ሓውትን ዝኸውን፡ ንዝምልከት ከኣ፡ እቶም ሓደ ህዝቢ ኢና፡ ዝብሉና ዘለዉ ሙ . . . ሁ... ራ... ት፡ ኢና በሃልቲ ዘበሉ ኩሎም፡ እቲ ነዚ ዛዕባ እዚ ዝምልከት፡ ዝውንንዎ ፈሳሲ ኣምር፡ ከይ ሞትና እንከሎና፡ ኣብ ኢደኦም ከም እንቋቑሖ ከይ ኣጉሎም፡ ሳሌዳ ናይ መቦቆልና ሰሪያም ከቕርቡልና፡ ይውጠሩ (challenged) ኣለዉ። እተካእ እለቀብ፡ ታሪኻዊ ሕውነት ኤርትራን እትዮጵያን፡ ከም ኩሕሊ ዓይኒ፡ መጋየጺ የኣይ ኮይኑስ፡ ቅርኒብን ሽፉሽፍቲን ኣዒንቶም ኮሓሒሎም፡ ክቀናጀውልና ዝፍትኑ ዘለዉ፡ መላሶ(traders) ናይ ዲጂታል (digital) ፖለቲካ ከኣ፡ ስለ’ ዝግህር እባ! መን እዩ ንመን ክምህሮ?*

*ነዚ ሕጂ-ሕጂ ድሕሪ ክንደይ ፈንጠራዕ ዝተጋህደ፡ ረኽሞሽሞሽ እዚ ከኣ፡ ዛጊት ዓንተቦ ዝሸተቶ፡ ከማይን ከምዚ ከማይን፡ ዓኺይ ዘበለ ህዝቢ ግን (silent majority)፡ ብምኒኮሎ ናይ ዓይኒ ገይሩ፡ ክቃጸዎ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ ድሕነት ሃገር ዘቕለበ ሃገራውነት ተመርኲሱ፡ ኩሉ ድሕሪ ድሕነት ሃገር፡ ኣብ ዝብል እምንቶ ረጊኡ፡ ውሽጣዊ ጉዳይና፡ ናይ ባዕልና ስለ ዝኾነ፡ ብሰላማዊ ኣገባብ ደኣ እምበር፡ ብኻልእ ዓይነት ሜላ፡ ዘየዋጽእ ከም ዘይኾነ፤ ናይ ሕጂ ወድዓዊ ክውንነት፡ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ፡ ፍንሽር ኣቢሉ ኣቃሊዕዎ ይርከብ። እኩባት ሰብ ብረት፡ ጨበል ከብልዕና፡ እንተ ዘይ ኮይኖም፡ ካብ ኣቶም ዝመጽእ ለውጢ፡ ናዕቢ ደኣምበር፡ ዝዕቀብ ሰላም ይኹን ወይ ራህዋ፡ ከቶ ኣይክህሉን እዩ።*

***ኢ.ዝሄር ሃገርና ባርኽልና!!!***

*ርሑስ ልደተ ክርስቶስ፤ ርሑስ ሓዲሽ ዓመት፤ ዕድመን ጥዕናን ንኹሉ፡*

*fewsilybee@yahoo.com*